# **ርእሲ ኹሉ**

ልዕል በለለይ  ኣንታ ሓድጊ ሰማእ
ወዲ እቶም ጀጋኑ ወዲ እቶም ሞባእ

ክብ በለለይ  በርኽ ኣንታ ዘርኢ ኣናብስ
ወትሩ ንቑሕ ኣብ ኣሰር ወለዱ ኣብ ዕላማ ዝነክስ

ጸብለል በለለይ ኣንታ ጽሩይ  ቡቕሊ

ዘርኢ ብዘርኡ ምህርተ ቀውዒ ገድሊ
ወዲ እቶም ምድሕነይ እንዲኻ በጃይ ዝሓለፉ
ንስለ ዛ ህላወይ ቅድመይ ንምንባረይ ዝተሰየፉ

ዝኽትማና ዘየሰንፎ  ኣሰር መድመቕ
መዓስ ጸሊኡ ብፍቕሪ ወለዱ ክማሙቕ

ኣበይ ከ ረኺብዎ  ብወለዱ ክሕንከቕ
ሓሊፎም እንድዮም ወለዱ ከውታ ጸላምና ክበርቕ

ንሕና ክንከብር  ሓደ ድሕሪ ሓደ ክስዕቡ
ፍቕሪ ሃገር ዘቕደሙ ፍቕሮም ሰዊኦም ባንዴራ ዘረከቡ
ወዶም እምበር ኢኻ ወዲ እቶም ክቡራት

ልዕል በለልይ  ርእሶም ይሰማዕካ ኩርዓት

ዝረግጾ መሬት ዓጽመ ደም ወለድኻ ዝመድመዶ
ብቕሳነት ፍሰሃ ኣፍ ልበይ ነፊሐ ዝኸዶ
ኩርዓት ዝስመዓኒ ዘስተንፍሶ ንፋስ ናጽነት

ብሩሕ ወለድኻ እንድዩ  እንድየ ወኒነ ክብረት

ጎይታ ዕድለይ ክኸውን

ከምቶም ሰብ ሃገር ክብረይ ዝውንን

ከም ዓለመይ ዝስራዕ ሰቒለ ባንዴራ

ሳላ ወለድኻ እንድየ ርእሶም ወዲ ሰውራ

ምረት ስደት ዘይመልኮ ሕድሪ ወለዱ ዝትግብር
ሃገር ሃይማኖቱ ከም ወለዱ ዘይምለኽ ብጽንኩር
ልዕል በለለይ ርእሶም ኩነለይ ርእሲ ኹሉ
ዝነብሮ ሂወት ብሳላ ጽዋእ ወለድኻ እንድኣሉ

ጸብለል በለለይ ወዲ እቶም ባንዴራይ ዘበረኹ
ኩራዕ ተሓበን ወዶም እንዲኻ ወዲቶም ዘይምለኹ
ስመይ ዘድመቑ ብዘይትታካእ ሂወት ናጽነት ዘግዘሙኒ
ርእሲ ኹሉ ኩነለይ ቡቕሎም እንዲኻ ቡቕሊ ሃገራዊ ወኒ

ልዕል በለለይ ሓድጊ ኣናብስ ርእሶም
ቅሱናት እዮም ምኧንካ ትጸንዕ ኣብ መትከሎም
ዝኣተውዎ መብጽዓ ዘይተዕብር ሓየት ወዲ ሰውራ

ኣርማ ጽንዓትና ኢኻ ወዲ እቶም ፈጠርቲ ኤርትራ

ልዕል በለለይ  በርኽ  ጸብለል በለለይ

ወዲ እቶም ሃበርም ጀጋኑ  ሰማእታት ብጾተይ

ክብ በለለይ ርእሲ ኹሉ
ኣንታ ጽኑዕ ኣብ መትከሉ









ተጋ. ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)

2017 ጀርመን